ዉቅሮ ጠቅላላ ሆስፒታል ደ/ከ/ስራሕ/ዕዳ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ናይ ኮምፒተር :ፕሪንተር: ፎቶ ኮፒን ካልኦት ማሽነሪ ኣቁሑትን ምፅጋን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ዉዕሊ ኣሲሩ ከስርሕ ይደሊ ስለዚ ኣብ ታሕቲ ዝተጠቀሰ ረቋሒ እተማልኡ ንክትወዳደሩ ይዕድም::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ነሓሰ 9, 2007 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ነሓሰ 21, 2007 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:0
- ቦታ:ዉቅሮ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:0
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጳጉሜን 5, 2005 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ፅገና ኮምፒተርን ኤሌክትሮኒክስን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ዉቅሮ ጠቅላላ ሆስፒታል ደ/ከ/ስራሕ/ዕዳ/ፋይ/ንብ/ምም/ርን ናይ ኮምፒተር :ፕሪንተር: ፎቶ ኮፒን ካልኦት ማሽነሪ ኣቁሑትን ምፅጋን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ዉዕሊ ኣሲሩ ከስርሕ ይደሊ ስለዚ ኣብ ታሕቲ ዝተጠቀሰ ረቋሒ እተማልኡ ንክትወዳደሩ ይዕድም::

ሀ ተጫረቲ ከማልእዎ ዝግባእ ነጥብታት/ ረቋሒታት/

1 በቲ ዓዉደ ስራሕ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ንግዲ ፍቃድ ከምኡ እዉን ቲን ናምበርን ኣብ ትልምን ፋይናንስን ብምቅረባይነት ዝተመዝገቡን ኦርጅናልን ኮፒን ከቅርብ ዝክእል

2 ንጨረታ መክበሪ ትሕጃ ብር 2000 /ክልተ ሽሕ ብር/ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ስፒኦ /CPO/ ከትሕዝ ዝክእል

3 ናይዚ ጨረታ ሰዓራይ ምካኑ ካብ ዝተነገረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 5 መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝክእል ጥራሕ ይወዳደር

4 ጨረታ ዝሰዓረ ዉዕሊ እንትኣስር ካብ ዝአሰሮ ጠቅላላ ዋጋ 10% ንዉሕስና አፈፃፀም ስረሕ መክብሪ ውዕሊ ከትሕዝ ዝክእል

5 ተጫረቲ ካብ ዝተመልአ ዝርዝር ዋጋ ድምር ዝተሐተ ብምዉሳድ ሰዓራይ ዝኽዉን ምካኑ ኣሚኖም ክወዳደሩ ዝክእሉ

6 ተጫራታይ ፕሪንተር : ኮምፒተር ወይ ካልእ ማሽነሪ እንትበላሸዉ ብቀረባን ቁልጣፋን ክዕሪ ዝክእለ ጥራሕ ይወዳደር

ለ ናይ ተጫረቲ መምርሒ

1 ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 8/12 /2007 ዓ/ም እስካብ 21/12/2007 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ዘይምለሰ ብር 30 ከፊልካ ካብ ዉቅሮ ጠቅላላ ሆስፒታል ደ/ከ/ስራሕ/ዕዳ/ፋይ/ንብ/ ምም/ርን ቢሮ ቁፅሪ 1 ምዉሳድ ይከኣል

2 እዚ ጨረታ ዕለት 21/12/007 ዓ/ም ሰዓት 9:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ሰዓት 9:30 ይኽፈት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

3 ተጫረቲ ኣብ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ዋጋ ኣቀሚጦም አበ ዝተዓሸገ ፖስታ ኮፒን ኦርጅናልን ኢሎም በበይኑ ከቅርቡ ይግባእ

4 ተጫረቲ ኣብ ዘቅርብዎ ዶክመንት ሽሞም /ሽም ትካሎም/ ፊርመኦምን ማህተምን ከዕርፉ አለዎም

5 እቲ ጨረታ ዝተፈላለዩ መልክዑ ከዛብዑ ዝፍትኑ ተጫረትቲ ቤት ፅሕፈት ካብ ጨረታ ወፃኢ ጌሩ ንቐፃሊ ከይሳተፉ ይገብር

6 ተጫረትቲ ድሕሪ ሳፁን ምኽፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ እዉን ንዝበለ ዘትሓዞ ትሕጃ ኣይምለሰሉን /ናብ መንግስቲ አታዊ ይኽዉን/

7 ተጫረትቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ ሕቶ መብርሂ /ወይ መማሐየሺ እንትሃልዎም ናይ ጨረታ መኽፈቲ 5ተ መዓልቲን ልዕሊኡን እንትተርፎ ናብ ቤት ፅሕፈትና ብፅሑፍ ከቅርቡ ዝኽእሉ ምካኖም

8 ሰነድ ጨረታ ካብ ናይ ባዕልና ቅጥዒ ወፃኢ ምጥቃም ኣይፍቀድን

9 ሰዓራይ ምካኑ ዝተነገረሉ ተጫራታይ እቲ ዉዕሊ ክሳብ ዕለት 30/10/2008 ዓ/ም ዉዕሊ ዝአስር /ዝፀንዕ/ እዩ

10 ቤት ፅሕፈትና ዝሐሸ መማረፂ እንረኺቡ እቲ ጨረታ ብክፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉዉ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0344430057 ደዊልካ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle